# መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ንትሕቲ 10 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ናብ ኖርወይ ኣብ ዝመጽእሉ እዋን

## ሕማም ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ፧

ሕማም ዓባይ ሰዓል ከቢድ ግን ከኣ ኣዝዩ ተላባዒ ዘይኮነ ብውጽኢታዊ መንገዲ ክሕከም ዝኽእል ሕማም እዩ።

ካብቶም ምስቲ ዝሓመመ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ውሑዳት ጥራይ እዮም በቲ ሕማም ዝልበዱ።

ምልክታት ሕማም ዓባይ ሰዓል፤

- ንልዕሊ 3 ሰሙን ዝጸንሕ ምስዓል
- 
- ቃንዛ ኣብ ኣፍልቢ
- ለይታዊ ረሃጽ
- ምጉዳል ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና
- ድኻም
- ምዕጻው ሸውሃት
- ምጉዳል ክብደት ሰብነት

    

  

ካብምቲቢም'ኽትሓውዩምት'ኽእሉምኢምም

በቲ ሕማም ዝተለኸፉ/ዝተለበዱ ሰባት ኣብ ኖርወይ ብነጻ ክትትልን ሕክምናን ይረኽቡ።

## መን እዩ ንሕማም ዓባይ ሰዓል ክምርመር ዘለዎ፧

ኩሉ ከም ሓታቲ ዑቕባን ስደተኛን ኮይኑ ናብ ኖርወይ ዝመጽእ ሰብ መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ክገብር ኣለዎ። ካልኦት

ወጻእተኛታት ናብ ኖርወይ ካብ ልዑል ተርእዮ ሕማም ዓባይ ሰዓል ካብ ዘለዋ ሃገር ዝመጹ እንተኾይኖም ክምርመሩ ኣለዎም። ውጽኢት ናይቲ ምርመራ ዓባይ ሰዓል ነቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝምልከት ሕቶ ዝጸሉ ኣይኮነን።

## እቲ መርመራ ብኸመይ ይትግበር፧

ትሕቲ 10 ዓመት ንዝኾኑ ህጻናት፡ እቲ መርመራ፡ እቲ ህጻን ንለበዳ ተቓሊዑ ኔሩ ድዩ ይኹውን ዝብል ሕቶ ዝሓዘ እዩ።

እቲ ነቲ ቈልዓ ዝኣሊ/ዝከናኸን ሰብ ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ይሕተት፤

- እቲ ቆልዓ ምስ ሓደ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ብዙሕ ግዜ ኣሕሊፉ ኔሩ ድዩ፧
- እቲ ቆልዓ ምስ ሓደ ካልእ ፍሉጥ ምኽንያት ዘይብሉ ንብዙሕ ሰሙናት ዝስዕል ሰብ ከምኡ'ውን ምጉዳል ክብደት ሰብነትን ለይታዊ ረሃጽን ዘለዎ ሰብ ብዙሕ ግዜ ኣሕሊፉ ኔሩ ድዩ፧

እቲ ህጻን ንለበዳ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝተቓልዐ እንተኾይኑ ወይ ድማ ብፍላይ ልዑል ተርእዮ ሕማም ዓባይ ሰዓል ካብ ዘለዋ ሃገር ዝመጸ እንተኾይኑ መርመራ ደም ይግበረሉ።